# ESBL ዝፈጥሩ ባክተርያ - ሓበሬታ ንትሓከምቲ

## ስለምንታይ እዩ እዚ ሓበሬታ ተዋሂቡኒ ዘሎ?

መርመራታትከምዘመልከትዎ፡ጸረ-ነፍሳት(ኣንቲባዮቲክ)ዝጻወርባክተርያ ከም ዘሎካ እዩ። ኣብዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ’ዚ፡ እዚ ነገር እንታይ ምዃኑን - ንኻልኦት ሰባት ንኸይተልግበሎም ድማ እንታይ ክትሓስበሉ ከም ዘሎካን ብዝበለጸ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## እዞም ESBL ዝፈጥሩ ባክተርያ እንታይ እዮም?

እዚ ESBL ዚብል ኣህጽሮ ቃላት“Extended Spectrum Betalactamas” ማለት ኮይኑ፡ ኣብ ገለ ዓይነት ባክተርያታት ዚርከብ ንጥረ-ነገር - ንጸረ-ነፍሳት (antibiotika) ተጻዋርነት ከም ዚህልዎም ዚገብር እዩ።

እዞም “ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ፡ ኣብ መዓንጣ ሰብ፡ ከም ኣካል ናይቶም ብዙሓት ዝዓይነቶም ባክተርያ-መዓንጣኮይኖም - ሕማም ከየስዓቡ ኣብኡ ኪህልዉ ዚኽእሉ እዮም። እዚ ድማ “ተሰካሚ” ናይዞም ባክተርያ ምዃን ይበሃል። ልክዕ ከም ኵሎም ንቡር ባክተርያታት፡ እዞም “ESBL”ዝፈጥሩ ባክተርያታት፥ ገለ እዋናት ረኽሲ ከስዕቡልካ ይኽእሉ’ዮም - ንኣብነት ረኽሲ ሻምብቆ ሽንቲ።

እዞም ”ESBL”ዝፈጥሩ ባክተርያ፡ ካብቶም ተራ ባክተርያ ዝበዝሐ ወይዝኸበደ ረኽሲ ኣየስዕቡን እዮም። ይኹን እምበር ነቲ ንሳቶም ዘስዕብዎ ረኽሲ፥ ፍሉያት ዝዓይነቶም ጸረ-ነፍሳት (antibiotika) ክትጥቀም የድልየካ እዩ።

## እዞም “ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ - ብኸመይ ይለኽፉ?

እዞም “ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ ኣብ መንጎ ደቂ-ሰባት - በዞም ባክተርያ-መዓንጣ ብዝተበከሉ ኣእዳው ኣቢሎም ክመሓላለፉ ይኽእሉ እዮም፣ ንኣብነትናብ ሽቓቕ ድሕሪ ምኻድ። ብመግብን ማይን እውን ክትልከፍ ትኽእል ኢኻ።

ኣብመዓንጣ“ESBL”ዝፈጥሩባክተርያተሰካሚዝኾነ ሰብ ሳሕቲ እዩ ሰባት ክልብድ ዝኽእል።ኣብገለኩነታት ግን፡መጠንናይቶም ባክተርያስለ ዚውስኽ፡እቲ ለብዒ ንኽዝርጋሕ ዘለዎ ተኽእሎ ድማ ምስኡ ይዓቢ። እዚድማ፡”ጠንቅታት ተኽእሎ ለብዒ”ተባሂሉ ይጽዋዕ።

እዞም ዚስዕቡ ጠንቅታት ናይ ለበዳ ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም፤

- ውጽኣት
- ካቴተር
- ካብ ስቶምዩር ዘጋጥም ምፍሳስ
- ክፉት ቁስሊ እዮም።

## ካብ “ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ ክትገላገል ይከኣል’ዶ?

እዞም ”ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ ኣብ መዓናጡኻ ካብ ኣዋርሕ ክሳብ ዓመት ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም። እዞም ባክተርያ ኣብ መዓናጡኻ ክሳብ ክንደይ እዋን ከም ዝጸንሑ ክፍለጥ ኣይከኣልን እዩ። መብዛሕትኡ ሰብ ግን ምስ ግዜ ይጠፍኡሉ እዮም።ብዙሕ ምርመራ ቀልቀል ምውሳድ ኣየድልን እዩ።

## ንኻልኦት ሰባት ንኸይለክፍ ክሓስበሎም ዘለኒ ነገራት ኣለዉ’ዶ?

ቀንዲ ክትገብሮ ትኽእል ነገር እንተሎ ምሉእ ጽሬት ኢድ ምሕላዉ እዩ። ንዝርግሐ ረኽሲ ሓደጋ ረቛሒታት እንተዘይብልካ፥እቲ ንሰብ ክተልግበሎም ዘሎ ናይ ምልካፍ ሓደጋ ውሑድ ስለዝኾነ፥ ከምቲ ልሙድ ምስ ካልኦት ሰባት ግዜ ከተሕልፍ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ’ውን ከምቲ ልሙድ ጾታዊ ርክብ ክትፍጽም ትኽእል ኢኻ። ስራሕካ’ውን ከም ልሙድ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ። መዋእለ-ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ዝኸዱ ቈልዑ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም።

**ፍሉይ ናይ ጽሬት ልምድታት - ንዓኻ ናይ ሓደጋ ረቛሒታት ዘሎዉኻ**
ጠንቅታት ተኽእሎ ለብዒ ምስ ዝህልወካ፡ ለብዒ ክዝርጋሕ ዘለዎ ዓቕሚ ድማ ምስኡ ክብ ይብል። ስለዚ ነዞም ዚስዕቡ ክትሓስበሎም ኣሎካ፤

- ኣእዳውካ ብደንቢ ተሓጸብ። ናይ ርእስኻ መሓበሻን ናይ ሽቓቕ ነገራትን ድማ ተጠቐም።
- ካልኦት ሰባት ውን ኣብ ዚጥቀሙሉ መሐምበሲ ኣይትጠቐም።
- ቁስሊታትካ ብፋሻ ከም ዚሸፈኑ ግበር፥ እቲ ፋሻ ጠልቅዩ ወይ እንተ ነዚዑ ድማ ፋሻ ቐይር።
- ካቴተር ትጥቀም እንተ ኼንካ፥ ኣብ ትሕቲ ክዳንካ ክትገብሮ ይግባእ።
- ንቁስልኻ፡ ንፋሻ መሸፈኒኻ ወይ ንካቴተርካ ምስ ትትንክፍ፥ ብኡንብኡ ኣእዳውካ ተሓጸብ።

**ንኻልኦት ተሰካሚ ናይዚ ባክተርያ ምኳነይ ምሕባር የድልየኒ ድዩ?**
ኣብ ከባቢኻ ንዘሎ ሰብ ተሰካሚ ”ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ ምኳንካ ምሕባር ኣየድልየካን እዩ።

ብጸረ-ነፍሳት (antibiotika) ክትሕከም እንተድኣ ኣድልዩካ፡ ቅኑዕ ዓይነት ጸረ-ነፍሳት ክትረክብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር’ዩ። ቅድሚ ሕክምና ምግባርካ ግን፡ ናይ ባክተርያ-መፍረ(bakterieodling) ክትገብር የድልየካ እዩ። ስለዚ ንረብሓኻ ክትብል፡ ንሓኪምካ ተሰካሚ ”ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ ምኳንካ ክትሕብሮ ንለበወካ።

## ብዛዕባ እዚ ጽሑፍ ምክልኻልለብዒ
እዚ ጽሑፍ ምክልኻል ለብዒ፡ ብማሕበር ዶክቶራት ምክልኻል ለብዒ ዝተዳለዎን ብሃገር ደረጃ ዘገልግልን ጽሑፍ’ዩ።